

ሚኒስተር ፎውዝያ

"ህዝቢ ኤርትራ ንዕኡ ዝመስልን ናተይ ዝብሎን፡ ብሓርነት ዝንእዶን ዝነኞፎን ሕግታት ንትግባረ ተዳልዩ ኣሎ"

ሚኒስተር ፎውዝያ

የማነ ሃይለ

ክቡራት ኣንበብቲ ሚኒስትሪ ፍትሒ ንነዊሕ እዋን ከካይዶ ድሕሪ ዝጸንሐ ጻዕሪ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ሲቪላዊ ሕጊ፡ ሲቪላዊ ስርዓት፡ ገበናዊ ሕግን ገበናዊ ስርዓትን ንትግባረ ክበቕዑ እንከለዉ፡ ሕጊ ንግዲ ድማ ኣብ መስርሕ ይርከብ። እዞም ሕግታት'ዚኣቶም ድሕሪ ነዊሕን ኣህላኺን መጽናዕቲ ተነዲፎም፡ ተደብቲሮም ንትግባረ በቒዖም ኣለዉ። ነዚ ብዝምልከት ሚኒስተር ፍትሒ ፎውዝያ ሓሽም ንማዕከናት ዜና ውሽጢ ሃገር ናይ ዝሃበቶ መብርሂ ጽሟቕ ትሕዝቶ እንሆ፡-

## ክብርቲ ሚኒስተር ምውጻእ ናይዞም ሕግታት ንህዝቢ እንታይ ትርጉም ይህልዎ?

እዞም ተዳልዮም ዘለዉ ሕግታት ብትሕዝቶኦም ነቲ ህዝብን ክብርታቱን ክመስሉ ስለዘለዎም፡ ቅድሚ ነቲ ሕቶኻ ብቐጥታ ምምላስ፡ ምስሊ ህዝቢ ኤርትራ ብመንጽር ሕጊ ምርኣይ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብድብቱራትን ዘይድብቱራትን ሕግታት ዝነባበር ስልጡን ህዝቢ እዩ። ናይ ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ መሰል ዘይጎሲ፡ ሃብታምን ድኻን ከይፈለየ፡ ብሰንኪ ኩነታት ጥዕናን ስንክልናን ማሕበራዊ ቦታን ንዝኾነ ሰብ ንድሕሪት ዘየትርፍ፡ ንእንስሳታትን ኣትክልትን መሬትን ከይተረፈ ዝሓሊ፡ ብለባማት ወከልቱ ብዘውጽኦ፡ ምስ ኣነባብርኡን ኣተሓሳስብኡን ዝቃዶ ሕግታት ክምራሕ ዝጸንሐን ንተማእዛዝነት ሕጊ ዝለዓለ ክብሪ ዝህብን ድማ'ዩ። ነዚ ሕግታት'ዚ ከም ድላዩ ከይጥቀመሉን ከየቐጽሎን ግን፡ ብገዛእቲ ስርዓታት ብእዉጅን ዘይእዉጅን መገዲ ተኸልኪሉ ጸኒሑ። ብሕጊ ተማእዚዝካ ናይ ምንባር ሓርነት እምበኣር፡ ኣካል ናይቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘካየዶ ቃልሲ እዩ። እዚ ሕጂ ልምድታትን ባህልን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ኣእትዩ ተዳልዩ ዘሎ ሕግታት (ንትግባረ ዝበቕዑ ሲቪላዊ ሕጊ፡ ሲቪላዊ ስርዓት፡ ገበናዊ ሕግን ገበናዊ ስርዓትን ከምኡ'ውን ኣብ መስርሕ ዝርከብ ሕጊ ንግዲ) ከኣ፡ ክፋል ጻማ ናይቲ ብረታዊ ቃልሲ እዩ ክበሃል ይከኣል። ስለዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዕኡ ዝመስልን ናተይ ዝብሎን ዘተግብሮን፡ ብሓርነት ዝንእዶን ዝነቕፎን፡ ዝምልኣሉን ዘጕድለሉን፡ ዘማዕብሎን ዝጥቀመሉን ዝከላኸለሉን ሕግታት ክርኢ ዝነበሮ ባህጊ በዞም ብዝተኻእለ መጠን ምስ ክብርታቱን ኣካይድኡን ከም ዝሳነዩ ኮይኖም ተዳልዮም ዘለዉ ሕግታት'ዚኣቶም ኣቢሉ ክምለስ እዩ።

## ኣብ'ዞም ንትግባረ ተዳልዮም ዘለዉ ሕግታት፡ ክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ብኸመይ እዩ ተንጸባሪቑ?

ኣብ ገበናዊ ሕጊ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንገበን ብኸመይ እዩ ዝርእዮ? ኣየኖት እዮምከ ከበድትን ቀለልትን ገበናት ዝበሃሉ? ምፍላጥ ኣገዳሲ ነይሩ። ነዚኣቶም ኣለሊኻ፡ ንገበናት በብደረጃ ክብደቶም ሰሪዕካ ኣብቲ ገበናዊ ሕጊ ከም ዝንጸባረቑ ንምግባር ድማ ሓጊዙ። ስርዓተ መቕጻዕቲ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ብኸመይ እዩ ዝተሓዝ ኣጽኒዕካ፡ እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ እውን ኣብቲ ሕጊ ከምዝውከል ተገይሩ። ንሲቪላዊ ጉዳያት ብዝምልከት፡ ሓደ ውልቀሰብ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብኸመይ እዩ ዝረአ? ካብቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲታት ሓደ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንውልቃውነትን ሓባራዊ ናብራን ብኸመይ እዩ ዝርእዮ? ዝብል ነይሩ። ኣነባብራ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብሓፈሻ ናብ ስድራ ቤታውን ሕብረተሰባውን ረብሓ ዘተኮረ፡ ንውልቃዊ ረብሓታትን መሰላትን ግቡኣትን ድማ በዚ መንጽር'ዚ ዝርኢ ስለዝኾነ፡ እቲ ስቪላዊ ሕጊ፡ ብፍላይ እቲ ሕጊ ቤተሰብን ውርሻን፡ ነዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ከም ዘንጸባርቕ ንምግባር ተጻዒሩ። ቤተሰብ፡ ንብረትን ኣወጋግናኡን፡ ንዝተጎድአ ምሕጋዝን ምኽሓስን፡ መስርሕ ውርሻ ወዘተ. . . ገለ ካብቶም ዝተጸንዑ ኣርእስታት ነይሮም። እቲ ህዝቢ ኣብዚኣቶምን ካልኦትን ኣርእስታት ዘለዎ ኣረዳድኣ ንምፍላጥ፡ ነቶም ዝተደብተሩን ዘይተደብተሩን ልምዳውያን ሕግታ ዘጠቓለለ ኣዝዩ ሰፊሕን ዓሚቝን ቁጠባዊ፡ ታሪኻውን ማሕበራውን መጽናዕቲ ተኻዪዱ። ገለ ካብቲ መጽናዕቲታት ካብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ዝጀምር ክኸውን እንከሎ፡ ገሊኡ ድማ ካብ ሜዳ ጀሚሩ ዝቐጸለ፡ ልዕሊ 80,000 ገጻት ዝሓቖፈ ሰነዳት ኣሎ። ነዚ ኩሉ ድሕሪ ምጽናዕ፡ እቶም ኣብ ኩሎም ማሕበረሰባት ኤርትራ ዘለዉ ሓባራውያን ኣተሓሳስባታት ተለልዮም፡ ተሰሪዖም። እቶም ሓባራውያን ኣተሓሳስባታት ዝተመርጽሉ ምኽንያት ከኣ፡ እዞም ሕጂ ንትግባረ በቒዖም ዘለዉ ሕግታት ኣብ ኩሉ ሕብረተሰብ ኤርትራ ተፈጻምነት ስለዝህልዎም እዩ። ስለዚ፡ እዞም ሓባራውያን ኣተሓሳስባታት፡ ኣብቶም ገበናውን ሲቪላውን ሕግታት ብዝተኻእለ መጠን ከም ዝሕቆፉ ተገይሩ ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቶም ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝተጠርዩ፡ መቐጸልታ ክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝኾኑ፡ ኣብ መስከረም 1991 ኣብ መሰረታውያን መሰጋገሪ ሕግታትና ዝተንጸባረቑ መትከላት፡ ኣብዞም ሕጂ ተዳልዮም ዘለዉ ሕግታት እውን ከምዝሕቆፉ ኮይኖም ኣለዉ።

## ስለምንታይ'ዩ ምርቃቕን ምድብታርን ናይዞም ሕግታት ነዊሕ ግዜ ወሲዱ?

እቶም ቀዳማይ ንድፊ ናይዚ ሕግታት ኣብ ምድላው ዝሰርሑ ወጻእተኛታት ክኢላታት፡ ብምኽንያት እቲ ዝነበሮም ዓሚቝ ተመኩሮታት፡ ሕግታትና ዓለምለኻዊ መትከላት ከም ዝሓቑፍ ኣብ ምግባር ኣገዳሲ ኣበርክቶ ነይርዎም። እዚ ንገዛ ርእሱ ኣስታት ሓሙሽተ ዓመታት ወሲዱ። ይኹን'ምበር፡ ከምዞም ሕጂ ተዳልዮም ዘለዉ ዝመስሉ፡ ኣብ ኩሉ ህዝቢ ሰፊሕ ተፈጻምነት ዘለዎም ሕግታትና፡ ኣብ ሕብረተሰብ ተቐባልነት ረኺቦም ከመልኩን ክትግበሩ እንተኾይኖም፡ ዓለምለኻውነት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኣተሓሳስባ፡ ክብርታትን ልምድታትን ህዝብና ከንጸባርቑ'ውን ይግባእ። ነዚ ንምግባር፡ ካብ ኩሉ ክፉላት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝተወከሉ ምኩራት፡ ኣፍልጦ ሕግን ባህልን ዘለዎም ለባማት ዝተሳተፍሉ፡ ንምምዕባል ሕግታትና ዝሓገዘ መጽናዕቲ ክካየድ ነይርዎ። እዚ ከኣ፡ ዝበዝሐ ዕማም ምድላው ካልኣይ ንድፊ ነይሩ። ቀዳማይን ካልኣይን ንድፍታት ናይዚ ሕግታት ምስተዳለወ፡ ካብ ኩለን ሚኒስትሪታትን ዝምልከቶም ኣካላትን፡ ንምምዕባሉን ምጽፋፉን ዝሕግዙ ርእይቶታት ተኣኪቦም፡ ዘተን ክትዕን ክካየደሎም ነይሩዎ። እዚ መስርሕ'ዚ፡ እቶም ሕግታት ምስቶም ንበበይኑ ሰክተራት ዝገዝኡ መትከላት ከም ዝሰማምዑ ኣብ ምግባር ጥራይ ዘይኮነ፡ በቲ ካብዘን ኣካላት መንግስቲ ዝተኣከበ ርእይቶታት ኣቢሉ፡ ኣበየ ዓውዱ፡ ምስቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ዓለም ተበጺሑ ዘሎ ቅቡል ኣተሓሳስባታትን ኣሰራርሓታትን ንምምዕርራዩ'ውን ሓጊዙ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ሕግታትና ንኣተሓሳስባ ሕብረተሰብና ምስ ቅቡል ዓለምለኻዊ ኣተሓሳስባታት ኣወሃሂድካ ከምዝዳሎ ምግባሩ፡ ዓሚቝ ጥንቃቐን ደጋጊምካ ምንዳፍን ርእይቶ ምእካብን ምሕሳብን ከም ዘድልዮን፡ ነዊሕ ግዜ ከምዝወስድን ንምርድኡ ከቢድ ኣይመስለንን። ብደረጃ መትከልን መምርሕን፡ እቲ እዞም ሕግታት'ዚኣቶም ዘተኣታትዉዎ ስርዓተ-ፍትሒ ኣብ ኣፈጻጽማ ናይቲ ሕግታት ሓላፍ ዘላፍ ዘጕድል፣ ፍትሕን ርትዕን ባዕሉ ዘረጋግጽ፣ ንተመሳሳሊ ጉዳያት ተመሳሳሊ ኣተሓሕዛ ዘለዎ፣ ኣብ ውሳነ ንሕጊ ዝለዓለ ኢድ ዝህብ፣ ዕማም ደያኑ ዝያዳ ነቲ ሕጊ ኣብ ምትርጓምን ምትግባርን እምበር፡ ንዕኦም ኣብ ዘጨንቕ ገፊሕ ደረት ስልጣን ከየእተወ፡ ዝተረጋግአ ስርዓተ-ፍትሒ ዘውሕስ፣ ክኸውን ስለዝነበሮ፡ ነቲ ኩሉ ኣብቶም ሕግታት - ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ንህዝብን መንግስትን ዝያዳ ዘራኽብ ገበናዊ ሕግን ስርዓትን - ንምንጽብራቑ ግዜ ክወስድ ነይርዎ። ልዕሊና ሕጊ ኣብ ትሕዝቶ ናይቲ ሕግታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ኣቀራርባኡ'ውን ስለዝምርኮስ፡ እቲ ሕጊ ኣብ ኣነዳድፍኡ'ውን፡ ህዝቢ መሰሉን ግቡኡን ብቐሊሉ ክፈልጠሉ ዝኽእል፡ ሳዕቤናት ምጥሓስ ናይቲ ሕጊ ኣቐዲሙ ተፈላጢ ክኸውን፡ ዝኾነ ሰብ ብቐሊሉ ብዝርድኦ መንገዲ ክጸሓፍ እውን ናቱ ግዜ ወሲዱ እዩ።

## እዞም ሕግታት'ዚኣቶም ካብቶም በብግዜኡ ዝወጹ ኣዋጃትን ሕጋዊ ምልክታታትን እንታይ ይፈልዮም?

መብዛሕትኦም እቶም ኣዋጃትን ሕጋዊ ምልክታታትን ብመንግስቲ ኤርትራ ወይ ዝተፈላለዩ ሚኒስትሪታትን ኣካላት መንግስትን ዝወጹ ኮይኖም፡ ተፈጻምነቶም ኣብ ውሱን፡ ሓሓሊፉ’ውን ኣብ ዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብ ጥራይ ዝተደረተ እዩ። ንኣብነት፡ ናይ ጉምሩክ፡ ፍቓድ ዋኒን፡ ግብሪ፡ ባንክ፡ መድሕን ከምኡ’ውን ናይ ጠበቓታት ሕግታት ንዘዝምልከቶም ሰባት፡ ሞያውያን ወይ ክፋላት ሕብረተሰብ ጥራይ ዘገልግሉ እዮም። በዞም ሕግታት’ዚኣቶም ዝያዳ ዝግደሱ ወይ ክግደሱ ዝግብኦም፡ ዝፈልጥዎም ወይ ክፈልጥዎም ዝግብኦም ከኣ፡ ብሓፈሻ እቶም ዝምልከቶም ወገናት ጥራይ እዮም። ተፈጻምነት ናይዞም ሕጂ ንትግባረ ተዳልዮም ዘለዉ ሕግታት ግን፡ ብዘይ ኣፈላላይን ከከም ኩነታቱን፡ ኣብ ኩሎም ኤርትራውያንን ኣብዚ ሃገር ዝነብሩ ሰባትን ናብዚ ሃገር ዝመጹ ወጻእተኛታትን ከምኡ’ውን ኣብ ኩሉ ዝዓይነተን ኣብዚ ሃገር ዘለዋ ትካላት እዩ።

## ክብርቲ ሚኒስተር፡ ኣብ መወዳእታ ተመሓላልፍዮ መልእኽቲ እንተልዩ?

ህዝቢ ኤርትራ፡ ንልዕልና ሕጊ ዝተቓለሰን ብዙሕ ማሕለኻታት ዝሓሊፉ ህላወኡ ዘረጋገጸን ህዝቢ ብምዃኑ፡ እቲ ሕግታት ንዕኡ ዝበቅዕን ንመጻኢ ወለዶ ብሰላም ዘነባብርን ምግባሩ ኣድላዪ ነይሩ። ስለዝኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ሓላፍነት ወሲዱ ንህዝቢ ኤርትራ ይበቕዖ እዩ ዝበሎ፡ ሰብኣዊ ክብሪ ዘረጋግጽ፡ ንህዱእ ምዕባለ ዘጽልልን ርግኣት ዘንግስን ሰነድ እንሆ ኣቕሪቡ ኣሎ። መጻእቲ ወለዶታት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ ከከም ግዜኡ ነቲ መትከላቱ ሓልዮም እናመሓየሹ ክነባበርሉ ምንዮት መንግስቲ ኤርትራ እዩ።